## (ረቛቕ ጽሑፍ) መምርሒ ጸሎት ምልጃ (Intercessory Prayer Guideline) by Tekka Gebru

### ዕላማዚ ጽሑፍ

- **ኣብ ሞንጎ ጉጅለታት ኣገልግሎት ጸሎት ምልጃ፣ ምፍላጥን ምድግጋፍን ከምኡ ድማ ተመሳሳሊ ዝኾነ ዓለም ለኻዊ ኣገባብ ንምስራት**
- **ነንበይንና ሓገግ ዘብሉና ጉዳያት፣ ንብሉጽ ውጽኢት ብሕብረትን ብመንፈስ ሓድነትን ኴንና ንምቕራብ፣**
- **ፍቕርን ምትሕብባርን ኣብ ሞንጎና ንምትብባዕ፣ ዝሓዝኑ ንምጽንናዕ፣ ጾር ሕድሕድና ንምክፍፋል ምቹው ባይታ ንምፍጣር፣**
- **ኣብ ጸልማት ንዘለዉ ወንጌል ንምብጻህን፣ ብእምነቶም ዝደኸሙ ወገናት ንምብርትታዕን ናብዚ ሕብረት ንክጽምበሩ ምሕጋዝ**
- **ካብ ዝነበሩዎ ሕብረታት ብገለ ምኽንያት ተዓንቂፎም በይኖም ንዘለዉ ክርስቲያናት ናብ ሕብረት ኣመንቲ ንክኣትዉ ንምትብባዕ፣**

### 1. ዘሎናዮ ወቕቲ:-

ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ፣ መበቈሎና ካብ ህዝቢ ትግራይ ንዝኾንና ኩላትናን፣ ድማ ብዛዕባ ኣብ ልዕሊዚ ህዝቢዚ ዝበጽሕ ዘሎ መከራ ከም ሰባት ይምልከተና እዩ ንዝብሉ ቅዱሳን፣ እዚ እዋን ኣዚዩ ፈታንን ከቢድን ግዜ እዩ። ካብቲ እንሰምዖን እንሪኦን ዘሎ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝተፈጸመን ጽበጽሕ ዘሎን ዘደንጽው መከራታት ምኽንያት፥ ንሓድሕድና ከጋጥሙና ዝኽእሉ ፈታናታት ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ፣ ኣብ ኣካላውን ኣእሙሮኣውን ኣብ መንፈሳውን ኣብ ማሕበራውን ጥዕናና፣ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘሕድሩልና ከም ፍርሒ፣ ጭንቀት፣ ቁጥዓ፣ ጽልኢ፣ ጥርጣረ፣ ጓሂ/ሓዘንን ዝመስሉ ስሚዒታትን፥ ከምኡ ድማ፣ ሰጋእ መጋእን መልሲ ዘይብሎም ሕቶታት ዝበዝሖ መዓልታዊ ናብራ ምምራሕ እዮም። ስለዚ እዩ ጐይታ ንሃዋርያቱ ዝበሎ ንኣናውን ዝብለና፣ **"ናብ ፈተና ኸይትኣትዉ፡ ንቕሑ ጸልዩውን። መንፈስሲ ተዳልዩ እሎ፡ ስጋ ግና ድኹም እዩ፡"** ማር. 14፡38

### 2. ምምላድ:-

- **እንታይ እዩ?** ከም ኣብርሃም ንህዝቢ ሶዶምን ገሞራን፣ ከም ሙሴ ንህዝቢ እስራኤል፣ ከም ጐይታና እየሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ ዝማለዶን ሕዚውን ንቤተክርስቲያኑ ዝማልድ ዘሎ፣ ንሕናውን ኣብ ክንዲ ህዝብናን ካልኦት ውጹዓት ህዝብታት ኴንና ምሕረትን ድሕነትን ሓለዋን ንኽረክቡ፣ ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጸሎትን ልመናን ምህላን ምቕራብ እዩ። ብፍላይ እዚ ንምምላድ ተዋፊርናሉ ዘሎና ኣርእስቲ፡ ብዛዕባ ህዝብና፣ ጸሎትና ውጽኢታዊ ንክኾን ምስ ጾም (ካብ መግቢን ካብ ካልኦት ድልየታት ስጋን፣ ካብ ሚድያን ወዘተ.) ክሓብር ወሳኒ እዩ።
- **ንምንታይከ ይግበር?** መንነቱ ብዘየግድስ፣ ኩላትና ኣመንቲ፣ ነዚ ማእለያ ዘይብሉ መከራ ዝበጽሖ ዘሎ ህዝብና ምምላድ፥ ናይ ሰብኣውን፣ ናይ ሞራላውን፣ ናይ መንፈሳውን፣ ናይ ዜጋውን ናይ ወገናውን ሓላፍነትን ግዴታን ስለዘሎና።

### 3. መሰረታዊ ግደን ሓላፍነትን ኣመንቲ

ህዝብና ኣብ ኣዚዩ ከቢድን ሕማቕን ኩነታ እናሃለወ፣ ንሕና ናይዚ ህዝቢ ኣካል ዝኾንና ግና ንምንታይ እዩ ኣብ ምቹው ኩነታት ግዜን ውሽጢ ንነብር ዘሎና? ኢልና ንባዕልና እንትንሓትት፣ መልሱ እስራኤላዊያን ኣብ ገምገም ጥፋኣት ብዝነበሩሉ ግዜ መርዶክዮስ ንኣስቴር ከምዝበሎ ኮይኑ ንረኽቦ **"...ንስኺ ኸምዚ ንዝበለ እዋን ናብ መንግስቲ መጺእኪ እንተ ኾንኪ፡**

Email: tegaruchristians@gmail.com
Facebook: https://www.facebook.com/Global-Alliance-of-Tegaru-Evangelical-Christians-GATEC-105392194921047
Twitter: @tegaru_gatec

***መን ይፈልጥ።"*** ኣስ. 4፡14። ድሕሪዚ ዘረባ እዩ ኣስቴር ድማ ንህዝባ ድሕነት ክሳዕ ህይወታ ንምሃብ ዘብቅዕ ስጉምቲ ወሰደት። ንሕናውን፣ እንትነኣሰ ኣብ ምምላድ ጸሎትን ኣብ ሓገዝ ምሃብን ክንርከብስ፣ እቲ ኣብዚ ዓይነት ግርም ህይወትን ናብራን ክንነብር ዘኽኣለና ፍቕሪን ምሕረትን ኣምላኽ የገድደና። ብሓፈሽኡ፣ ኩሉ ኣማኒ፣ ንዞም ዝስዕቡ ዓይነት ሰባት ክግደስን ግደኡ ክኣ ሰናይ ነገር ንክገብር እግዚኣብሄር ብቃሉ ኣዚዙ ኣሎ።

- **"ኣብ ክንዲ ዓባስ፡ ኣብ ክንዲ እቶም ጸግዒ ዜብሎም ኣፍካ ኽፈት። ኣፍካ ኽፈት፡ ብቕንዕና ፍረድ፡ ንሽጉርን ንመስኪንን ብይን ኣውጽኣሎም።"** ምሳ. 31፡8-9
- **"ነቶም ናብ ሞት ዚጕተቱ ኣናግፎም፡ ነቶም ሰንከልከል እናበሉ ናብ ማሕረዲ ዚኸዱ ኸኣ ኣይትሕደጎም።" ምሳ. 24፡ 11**
- **"ንምግዱርን ንዘኽታምን በይኑሎም፣ ንጭኑቕን መስኪንን ፍትሒ ኣውጽኡሎም። ንድኻን መስኪንን ኣናግፍዎም፣ ካብ ኢእዳው ረሲኣን ኣድሕንዎም።"** መዝ. 82፡3

## 4. ንምምላድና ዝተውሃቡና ተስፋታት

እግዚኣብሄር፣ ከም ፍቃዱን ብዝወሰኖ ግዜን፣ ብእምነትን ብቅንዕናን ንዝቐርብ ጸሎት ዝሰምዕን ዝምልስን እሙን ኣምላኽ ምዃኑ ብውሕዱ እዘን ዝስዕባ ተስፋታት ኣለዋና።

- **"እዚ ብስመይ እተሰምየ ህዝበይ ከኣ ትሕት እንተ በለ፡ እንተ ለመነ፡ ገጻይውን እንተ ደለየ፡ ካብ ክፉእ መገዱ ድማ እንተ ተመልሰ፡ ሽዑ ኣነ ኻብ ሰማይ ክሰምዕ እየ፡ ሓጢኣቶም ከኣ ይቕረ ኽብለሎም፡ ምድሮምውን ክፍውሰሎም እየ።"** 2 ዜና. 7፡14
- **"ክትጽውዑኒ፡ መጺእኩም ድማ ክትልምኑኒ ኢኹም እሞ ክሰምዓኩም እየ። ብምሉእ ልብኹም እንተ ደሌኹምንስ፡ ክትደልዩኒ ክትረኽቡኒውን ኢኹም።"** ኤር. 29፡12-13
- **"ብመዓልቲ ጸበባ ድማ ጸውዓኒ፣ ኣነ ኽናግፈካ እየ፣ ንስኻውን ከተኽብረኒ ኢኻ።"** መዝ. 50፡15
- **"ክልተ ኻባኻትኩም ኣብ ምድሪ ብዚልምንዎ ነገር ኵሉ እንተ ተሳማምዑ፡ ካብቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ኪውሀቦም እዩ፡ ኢለ ኽም ብሓድሽ እብለኩም ኣሎኹ።"** ማቴ. 18፡18

## 5. <u>ብዛዕባ እንመን ኢና ክንጽልይ ዘሎና?</u>

- ✓ **ንህዝብና፡-** በዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ መከራ ምኽንያት ዝተጎድኡን ብቀጻልነትውን ዝህሰዩ ዘሎዉ፡- መበለታትን ዘኽታማትን፣ ተዓመጽቲ ኣዋላድን ኣንስትን፣ ዝሓመሙን ኣካላቶም ዝጕደሎም፣ ኣላዪን ሓጋዝን ዝሰኣኑ ዓበይትን ኣናእሽትን፣ ዝተጨውዩን እሱራትን፣ ስደተኛታትን ቤተሰባቶም ዝጠፍኡዎምን፥ ብመንነቶም ምኽንያት መሰሎም ተግሂሱ ዝተፈላለየ ግፍዒ ዝፍጸሞም ንዘለዉ፣ ካብ ትምህርትን ካብ ድልዱል ስራሖምን ናብራኦም ተፈናቒሎም ኣብዚ ጽንኩር ኩነታት ዝመልእ ናብራ ክመርሑ ተገዲዶም ዘሎዉን፥ ብዘይሓሰቡዎ ግዜ ህይወቶም ክሳዕ ንምስዋእ ወሲኖም ናብ ውግእ ወጺኦም ዘለዉ፣ ንጥምየትን ንሕማማትን ንኣጸጋሚ ኩነታታት ክጋለጹ ተገይሮም ዘለዉ ኩሎም፣ ወዘተ.
- ✓ **ኣብ ተመሳሳሊ ሽግር ንዘለዉ ካልዕት ህዝብታት፡-** ንኣብነት፡ ብፖለቲካን ብዓሌታዊ ኣተሓሳስባን ምኽንያት ሰላማውያን ህዝብታት መሰሎም ተግሂሱ ንጭፍጨፋን ንምፍንቓልን ተቓላዕቲ ንዝኾኑ ህዝብታት
- ✓ **ንዝጸልኡና ሰባት፡-** ጽልኢ ብሚድያ ንክጋዋሕን ብተግባር ንክፍጸምን ዝተዋፈሩ ዓለማውያን፥ ክዛረቡ እናተገበኦም ስቕ ዝበሉን፣ ዝተፈላለዩ ሓገዝ እናሃቡ ነቲ ጽልኢ ዝድግፉ ኣመንቲ
- ✓ **ንቤተክርስቲያን፡-** ወንጌልን መንግስቲ ኣምላኽን ንምስፍፋሕ ኣብ ሞንጎ ህዝብና ተዋፊሮም ንዘለዉ ኣገልገልቲ
- ✓ **ንዓለም ለኻዊ ሕብረት ክርስቲያናት ተጋሩ (GATEC)፡-** እዚ ሕብረት ክሰፍሕን ክጥንክርን ኣብ መንፈሳውን ስጋውን ዳግም ህንጸት ትግራይ ድማ ዓብዪ ግደ ንክነብሮ
- ✓ **ንርእስና፡-** ብዛዕባ ኣካላዊን ኣእሙሮኣዊን መንፈሳዊን ጥዕናና፡- ዝተውሃበና ናይ ግዜ ዓብዪ ጸጋ፣ ድሓር ጸብጸብ ንህበሉ ጉዳይ ከምዝኾነ ከይረሳዕና ብምስትውዓል ንጠቐመሉ። **"እምብኣርሲ ቕንያቱ ኽፉእ እዩ እሞ፡ ጊዜ ዓዲግኩም፡ ከም ለባማት እምበር፡ ከም ዓያሱ ዘይኰነ ኸመይ ብጥንቃቐ ኽም እትመላለሱ፡ ተመልከቱ።"** ኤፌ. 5፡ 15-16 በቲ ህሉው ኩነታታት ተወሲድና፣ ካብ ንእየሱስ እናመሰልና እናዓበና ንመጸሉ ንቡር ክርስቲያናዊ ህይወት

ምምራሕ ሽለል ኣይንበል። **"ብጸጋን ብፍልጠት ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ደኣ ዕበዩ።"** 2ጴጥ. 3፡18። እዚ ከኣ እንትነኣሰ፦ ዕለታዊ ምምጋብ ቃል ኣምላኽ፣ ብዘይባተኽ ጸሎት ምስ ኣምላኽ ርክብ ምግባር፣ ኣብ ዝሰማምዑናን ዝቐርቡናን ሕብረት ኣመንቲ ምጽምባር፣ ሽኽሚን ጸውዒትን ኣሎኒ ኣብ እንብሎ ኣገልግሎት ምውፋር።

## 6. ትሕዝቶ ጸሎትና

- **ክብሪን ምስጋናን ንእግዚኣብሄር፡** መንነቱን ባህርዩን ካብ ምርዳእ ዝተበገሰ ዝቐርብ ኣምልኾ፦ **"እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ፣ ምሕረቱ ኸኣ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ኣመስግንዎ።"** መዝ. 107፡1
- **ንስሓ፡** ብዛዕባ ሓጥያት ርእስናን ህዝብናን ወለድናን መራሕትናን ብዝርዝር እናጠቐስና፣ ኣምላኽ ምሕረት ከውርደልና ክንምህለል፦ **"ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና፡ ንሓጢኣትና ይቕረ ኪብለልና፡ ካብ ኵሉ ዓመጻውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ።"** 1 ዮሃ. 1፡9
- **መስዋእቲ ምስጋና፡ "እዚ ምእንታኹም ብክርስቶስ የሱስ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ብዅሉ ኣመስግኑ።"** 1ተሰ. 5፡18። ንኣብነት፡ ናይ ምምላድ ጸጋ ኣብ ብዙሓት ኣመንቲ ምፍሳሱ፥ እግዚኣብሄር ስለዝገበሮ ሰናይ ነገርን፣ ጸላኢ ከም ዝሓሰቦን ከም ዝመደቦን መጠን ጥፍኣትን ዕንወትን ከይከውን ስለዝኣገደ፥ በዚ እዋን፣ ጉዳይ ትግራይ ጉዳይና እዩ ኢሎም፣ ብዙሓት ወጻእቲ ዜጋታት፣ ድርጅታት፣ መንግስትታት ናብ ሙሉእ ዓለም ምግዋሖም፥ መልሲ ንዝረኽብናሎም ጸሎታት፣ ወዘተ. ምስጋና ክነቕርብ
- **ልመና፡** ውላድ ንወላዲኡ ድልየቱ ንምርካብ ከምዝሓትት፥ ንሕናውን፣ እግዚኣብሄር ኣቦና ካብ ምሕረቱን ሕያውነቱን ዝተልዓለ ከኾነልናን ከገብረልናን እንደልዮ ነገር ክንልምን፥ **"ኣቦ ኣብ ወዲ ምእንቲ ኪኸብርሲ፡ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ዅሉ ኽገብረልኩም እየ። ብስመይ ገለ እንተ ለመንኩም፡ ክገብረልኩም እየ።"** ዮሃ. 14፡13-14

## 7. ትኹረት ጸሎትና

- ብከቢድ ኩነታት ውሽጢ እናሓለፍናውን እንትኾነ፣ ንእግዚኣብሄር ክብሪን ምስጋናን ንምሃብ ዘኽእለና ተቜጺሩ ዘይውዳእ ኣብ ማእኸል ሰናይነቱን ፍቕሩን ምሕረቱን ከምዘሎና ኣይንረስዕ
- እዚ ኲናት ቀልጢፉ ጠጠው ክብልን፣ ዝነበረ ሰላም ክምለስን ኣብቲ ምድሪ ንዘሎዉን ካብመረበቶም ተመዛቢሎም ንዘሎዉን ዓዶም ገዲፎም ተሰዲዶም ኣብ ዘይፈልጥዎ ከባቢ ክነብሩ ዝተገደዱ፣ መከረኦም ቀልጢፉ ጠጠው ክብለሎምን ተመሊሶም ናብ ንቡር ህይወቶም ክኣትዉ
- ህጻናትን ኣዴታትን፣ መበለታትን ዘኽታማትን፣ ተዓመጽቲ ኣዋላድን ኣንስትን፣ ኣረጋዊያንን ሽማግለታትን፣ ሕሙማትን ኣካለ ስንኩላንን፣ ኣላዩን ሓጋዝን ዝሰኣኑ ዓበይትን ኣናእሽትን፣ ዝተጨውዩን እሱራትን፣ ስደተኛታትን ቤተሰባቶም ዝጠፍኡዎምን፣ ብመንነቶም ምኽንያት መሰሎም ተግሂሱ ዝተፈላለየ ግፍዒ ዝፍጸሞም ንዘለዉ፣ ካብ ትምህርትን ካብ ድልዱል ስራሕን ናብራኦም ተፈናቒሎም ኣብ ኣዚ ጽንኩር ኩነታት ዝመልኦ ናብራ እናመርሑ ክሳዕ ህይወቶም ንምስዋእ ወሲኖም ዝጋደሉ ዘለዉ ኩሎም፡ መናእሰይን፣ ዓበይትን፣ መራሕቲ ሕዝብናን፣ ወዘተ. ቀልጢፎም ናብ ንቡርን ሰላማውን ናብራኦም ተመሊሶም ክኣትዉ
- ኣብ ዓዲ ውሽጢ ዘሎዉን ካብ ዓዶም ወጺኦም ተሰዲዶም ዘሎዉን በዚ ኲነታት ብሳዕቤኑን ምኽንያት ብቀጥታ፣ ካብ ሃገሮም ወጺኦም ኣብ ዝተፈላለዩ ካልኦት ሃገራት ነበርቲ ዝኾኑ ተጋሩ፣ ብካልኣይ ደረጃ ካብቲ ዝሃስዮም ዘሎ ከቢድ ስነ-ልቦናዊ ስንባደን ጭንቀን፣ ኩሉ ዝከኣሎ ኣምላኽና፣ ብቕልጡፍ ፈውሲ ክሰደሎም
- ንወንጌል ዕንቅፋት ዝነበሩ ኣስተምህሮታት ተጻሂፎም ክወጹን፣ ጽሩይ ወንጌል ዝስፋሕፋሐሉ መንፈሳዊ ተሓድሶ ኣብ ሙሉእ ትግራይ ንክመጽእ
- ሕቡእ ገበናትን ብጸልማት እተገብሩ ዓመጻት ናብ ብርሃን ክወጹን ፍርዲ ኣምላኽውን ክግለጽን
- ኣምላኽና፣ ንትግራይ ካብ ተፈጥሮኣዊን ካብ ሰብ-ሰራሕ መዓትን መከራን ክኽውላን፣ ምድራን ኣየራን ድማ ብምሕረቱ ፈዊሱ ልምዕትን ኣፍራዪት ክገብራ
- ዝዓነዉን ዝተዘርፉን ኣገልግሎት መውሃብቲ ትካላትን (ትምህርቲ፣ ሕክምና፣ ማይ፣ ኤለትሪክ፣ መራኸቢ ብዙሃን፣ ትራንስፖርት፣ ንግዲ፣ ወዘተ.) ፍረ ልምዓታትን (ፋብሪካታት፣ ኣግሮ ኢንዱስትሪ፣ ኮንስትራክሽን ወዘተ.) ከምብሓድሽን ብዝበለጸ ደረጃን ክስርሑ
- ፍርሓት ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ንክወርድ፣ ድልዱል መሰረት ዘለዎ መንግስቲ ክስረት፣ ምስ ጐረባብታ ድማ ሰላማዊ ዝኾነ ርክብ ዘሎዋ፣ ህዝባ ድማ ብህዳኣት ዝነብረላ፣ መጸኢት ትግራይ ክትምስረት
- ኣብ ካልኦት ወቕታውን ኣገደስትን ዝኾኑ ኣርእስቲታትውን በብእዋኑ ጸሎት ካብ ተሳተፍቲ ክቐርብ ምግባር

### 8. ጥንቃቐ ክንገብረሎም ዘሎና

ንሕና፣ ድሮ ይኹን ሕዚ፣ ድሕሪ ባይታኡ ስጋን ደምን ወይ ቋንቋ ወይ ብሄር ዝኾነ ጸላኢ የብልናን፣ ቀንዲ ጸላኢና ሰይጣንን መንፈሱ ኣብ ናይ ዝሓደሮምሰባት ክፉእ ሓሳብን ተግባርን ምዃኑ ክንፈልጥ ኣሎና። እዚ ሓቂ ባዕሉ ክይንፈልጦን ክይነድህበሉን፣ ባዕሉ እቲ ጸላኢና ይሓብኦም፣ ትኹረትና ኣብኡ ከይኮነስ ኣብቶም ንሱ ዘዋፈሮም ኣገልገልቱ ሰባት ክኾን ይገብረና። **”እቲ ቕልስና ምስ ሕልቅነትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እከይን ኣብ ሰማያት እዩ እምበር፡ ምስ ስጋን ደምን ኣይኰነን እሞ፡ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ኽትክእሉስ፡ ኵሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ።”** ኤፌ. 6፡11-12። እምበኣር፣ እዚ ጸላኢና፣ ብጐይታ ሓይሊ፣ ክንስዕሮ ኢልና ብምዕላም፣ ኩሉሳዕ ክንቃወሞን ክንግስጾን ክንቃለሶን ኣለና። **“ኣባይ ሰላም ምእንቲ ኽትረኽቡ፡ እዚ ነገርኩኹም። ኣብ ዓለም ጸበባ አለኩም። ግናኸ ኣጆኹም፡ ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ፡ ኢሉ መለሰሎም።”**
ዮሃ. 16፡33

ስለዝኾነውን፣ ብኣገልግሎት ምምላድና ፍረ ዘይብሉ ስለዘግብሩ፣ ናብዞም ዝስዕቡ ስምዒታትን ሃቐናትትን ከይንእቱ ንጠንቀቕ፦ ከይንዕወት፣ ጥንቃቐ ክንገብረሎም ዘሎዉና፣ ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥቢታት ፍሉይ ምስትውዓልን ስጉምቲን ምውሳድ ክድልየና እዩ።

- ኣብ መሪሕነትን ኣብ ቅድሚት ተሰሊፎም ለይትን ቀትርን ብዘለዎም ሓይልን መሳርሒቲ ውግእን ህዝብና ዘጥቅዑን ኣብዘለዉን፣ ከምኡ ድማ ኣብ ልዕሊ እቶም ብሚዲያ ተዋፊሮም ነቲ ዝግበር ዘሎ ክፍኣት ነደፍትን መጋዋሕትን ሰባት **ጽልኢ ኣብ ልብና ከይነሕድር፦ “ኣነ ግና እብለኩም አሎኹ፡ ጸላእትኹም ፍተዉ፡ ንዚረግሙኹም መርቑ። ውሉድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ክትኰኑ፡ ንሱ ንኽፉኣትን ንሕያዎትን ጸሓይ የብርቕ፡ ንጻድቃንን ንሓጥኣንን ድማ ዝናም የዝንም እዩ እሞ፡ ንዚጸልእኹም ጽቡቕ ግበሩ፡ ስለቶም ዚጸርፉኹምን ዚሰጒኹምን ጸልዩ።”** ማቴ. 5፡44-45፣ **“ንዚሰጒኹም መርቑ፡ መርቑ እምበር፡ ኣይትርገሙ።”** ሮሜ. 12፡14፣ **“ንኣኻትኩም ንትሰምዑ ግና እብለኩም አሎኹ፥ ጸላእትኩም ኣፍቅሩ፡ ንዚጸልእኹም ጽቡቕ ግበሩ። ንዚረግሙኹም መርቑ፡ ምእንቲ እቶም ዚጸርፉኹም ጸልዩ። መትልሕካ ንዝወቕዓካ እታ ኻልኣይቲውን ምለሰሉ፡ ክዳንካ ንዝወሰደ ቐምሽካውን ኣይትኽልኣዮ።”** ሉቃ. 6፡26-27፣ ብሓጺሩ ከም ሰዓብቲ ጐይታ ኢየሱስ፣ ፈጸምቲ ቃሉ ኳንና ክንርከብ ይግባኣና።

- በቲ ዝፍጸም ዘሎ ግፍዒ ተመሪርና ሕነ ንምፍዳይ ኢልና፣ ማለትውን ንጸርፊ ብጸርፊ፣ ንመርገም ብመርገም፣ንኩነኔ ብምኩናን፣ ንተንኮል ብግብሪ ተንኮል ወዘተ. **ማዕረ ክፉእ ምላሽ ከይንህብ፦ “ነቲ ኣብ ቅድሚ ኵሉ ሰብ ጽቡቕ ዚኸውን ደኣ ሕሰቡ እምበር፡ ንሓደ እኳ ኽፉእ ኣብ ክንዲ ኽፉእ ኣይትፍደይዎ።”** ሮሜ. 12፡17፣ **“ፍቁራተይ፡ ምፍዳይ ሕነ ናተይ እዩ፡ ኣነ ኽፈድዮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ጽሑፍ እዩ እሞ፡ ነቲ መዓትሲ ስፍራ ሕደጉሉ እምበር፡ ባዕላትኩም ሕነ ኣይትፍደዩ።”** ሮሜ. 12፡19፣ **“ነቲ እከይ ደኣ ብሰናይ ጌርካ ስዓሮ እምበር፡ በቲ እከይ ኣይትሰዓር።”** 12፡21

- ስፍሓትን ዕምቐትን እቲ ዝተፈጸመን ዝካየድ ዘሎ ግፍዕን ብምስትውዓል፣ ናይ ህዝብና ናብራን ህይወትን ናብዝነበሮ ኣይምለስን፣ ዝሓሸ መጻኢ ኩነታውን ኣይክህሉን ኣብ ዝብል ስጋዊ ግንዛበ ምስ ረኸብና **ኣብ ተስፋ ምቑራጽ ከይንወርድን፦ “እግዚኣብሄር ነቶም ዚጽበይዎ፡ ነታ እትደልዮ ነፍሲ ሰናይ እዩ። ንምድሓን እግዚኣብሄር ተስፋ ምግባርን ብህድኣት ምጽባይን ሰናይ እዩ።”** ደ. ኤር. 3፡25-26

- ናይቲ ዘጋጠመና ሽግር መጠን፣ ካብቲ መለክዒ ዘይብሉ ናይ እግዚኣብሄር ዕብየትን ሓይልን ክእለትን ኣግዚፍና ብምርኣይ፣ እቲ ንኣምላኽና ባህ ነብለሉን ተኣምራት ንክገብር መበገሲ ምኽንያት ዝኾን **እምነትና ከይደክም** ንጠንቀቕ። **“ብዘይ እምነት ግና ንኣምላኽ ኬስምርዎ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ናብ ኣምላኽ ኪመጽእ ዚደሊ፡ ንሱ ኸም ዘሎን ነቶም ዚደልይዎ ዓስቢ ኸም ዚህቦምን፡ ኪኣምን ይግብኦ እዩ።”** እብ. 11፡6

### 9. ብቑዕ መንነትን ኣቀራርባን መማለዲ

ሕድሕድና መማለድቲ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተቐባልነትን ተደማጽነትን ዝነብረና፣ ብቑዕ መንነትን ኣቀራርባን እንትህልወና እዩ። ናብዚ ብቕዓት ንምብጻሕ ድማ ንምድላው መምርሒ ካብ ዝኾነና ሓደ ክፍሊ ቃል ኣምላኽ ኣብ ማቴ. 5፡3-10 ንረክብ። እምበኣር፣ ንጸሎት እንትንቀርብ፣ እንትወሓደ፣ እዞም ዝስዕቡ መንነታት ናትና ክንገብሮም ኣሎና።

- **ብመንፈስ ድኻታት፡** ብትሕትናን ብዝተሰበረ ልብን ምቕራብ
- **ዚጕህዩ፡** ሰቆቃ ዝሳቐን ዝጠፍእን ዘሎ ህዝብና ኣብ ልብና ጾርና ብምሕዛን ምቕራብ
- **ዓቃላት፡** ሕያዎትን ህዱኣትን ኴንና በቲ ኩነታ ከይረዓድና ፍርዲ እግዚኣብሄር ብእምነት እናተጸበና ምቕራብ
- **ጽድቂ ዚጠምዩን ዚጸምኡን፡** ወንጌል ናይ ምስፍፋሕን ነቶም ኣብ ሓደጋ ዘሎዉ ነፍሳት ናይ ምድሓኖም ሃረርታ ሒዝና ምቕራብ
- **መሓርቲ፡** ኣብቶም ገፋዕትን ዝጸልኡናን ቂም ዘይንሕዝን ግዳስ መሓርትን ሓዳጋትን ኴንና ምቕራብ
- **ጹሩያት ልቢ፡** እግዚኣብሄር ልቢ ሰብ ከምዝርኢ፣ ካብ ክፉኣትን ካብ ሕነ ምፍዳይን ነጻ ዝኾነ ልቢ ሒዝና ክንቀርብ
- **ገበርቲ ሰላም፡** እምላኽና ናይ ሰላም ኣምላኽ ከምዝኾነ፣ ንሕና ድማ ንእኡ መሲልና፣ ኣብ ሞንጎ ተጻባእቲ ሰላምን ዕርቅን እነምጽእ ሰባት ኴንና ክንርከብ
- **ምእንቲ ጽድቂ ዚስደዱ፡** ከም ሓቀኛ ክርስቲያናት፣ ብዛዕባ ዝጠፍኡ ዘሎዉ ነፍሳትን ብዛዕባ ዝግፋዕ ዘሎ ህዝብን ብምግዳስ፣ ኣብ ምምላድናን እንገብሮ ስራሕ ጽድቅን ተቃውሞ ሰባት ንምቕባል ቅሩባት ክንኮን

### 10. ምኽሪ ንመተሓባባሪ ጸሎት

- ጸሎት ሰዓት መጀመሪን መወዳእታኡን ንኹሉ ተሳታፋይ ግልጺ ይኹን። ግዜ ስራሕን ናብራን ተሳተፍቲ ዝተፈላለየ ከምዝኾነ ኣብ ግንዛበ ብምእታው እቲ ናይ ሰዓት ገደብ ክኽበር ይግባእ። ንክቕጽሉ ዝደልዩ ሰባት ግና፣ ድሕሪ'ቲ ፕሮግራም ምዕጻውን ምስንባትን ይኹን።
- ተሳተፍቲ ናብዚ ሕብረት ዝመጹሉ ምኽንያታት ብዙሓት እዮም። ንኣብነት፡ ተዓቢጡ ዘሎ ዘጨነቖም ናይ ውሽጢ ስምዒቶም ንምትንፋስ ወይ ጾሮም ምስ ተሳተፍቲ ክርስቲያናት ንምክፋል ወይ ብግሊ ክጽለየሎም ብምድላይ ወይ እግዚኣብሄር ኣብ ዝገበሮ ድንቂ ነገር ምስክርነት ንምሃብ ንክኾን ይኽእል። እቲ ዋና ምኽንያት ግና ንህዝቦም ወኪሎም ንምምላድ እዩ። ስለዝኾነውን፣ እቲ ናይ ኣኼባ ግዜ መጠንን ናይ ተሳተፍቲ ቁጽሪን ኣብ ግምት ብምእታው፣ መተሓባበሪ ፕሮግም፣ ንሕድሕዱ ሰብ ናይ ምስታፍ ዕድል ንክረክብ ምምችቻው ኣድላዪ እዩ። ስለዚ፣ ንኹሎም ክሳተፉ ዝደለዩ ምእንቲ ክባጻሕ፣ ንሕድሕድ ተሳታፊ ዝወሃብ ግዜ መጠን ኣቐዲምካ ምጥቓም ጽቡቕ ይግባእ።
- ብመሰረቱ፣ ናይዚ ኣኼባ ትሕዝቶ፥ ምክፋል ቃል ኣምላኽ፣ መዝሙር፣ ጸሎትን እንትኾን፣ ከምኡ ድማ ንኹሉ ዝምልከት ኣድላዪ እዩ ዝበሃል መልእኽቲ ወይ ሓበሬታ ወይ መተምባህታ ብመራሒ ዝመሓላለፍውን የጠቓልል። ብስም ናይ ጸሎት ኣርእስቲ ተብሂሉ ናይ ጸሎት ግዜ ብዝሰማዕናዮ ዜናታት ምክፍፋል ፈጺሙ ክባኽን ኣይግባእን። ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ ገለ ተሳታፋይ፣ ኩሉ ሰብ ኣይፈልጦን/ኣይሰምዖን ዝበሎ ዜና እንተሎ ብግሊ ንመራሒ ፕሮግራም ኣቐዲሙ የካፍል፥ ንኣኼባ ናይ ምክፋል ውሳኔ ድማ ነቲ መራሒ ይገደፍ።
- ሓደስቲ ተሳተፍቲ፣ ምስ ካልኦት ኣመንቲ ንባዕላቶም ከፋልጡ (እንትነኣስ፡ ሙሉእ ስም፣ መንበሪ ሃገር/ከተማ፣ ከመይ ወይ ብመን ተሓቢሮም ናብዚ ኣኼባ ከምዝመጹ) ብፍቕርን ብትሕትናን ብፕሮግራም መራሒ ምሕታት ንቡር ይኹን። ንባዕላቶም ምፍላጥ ዘይደልዩ ሰባት ካብ መስመር ናይ ምውጻእ ውሳኔኡ ናይቲ መተሓባበሪ ፕሮግራም እዩ። ተሳተፍቲ ንስንሳቶም ወይ መራሒ ፕሮግራም፣ መንነት ተሳተፍቲ ብምልኣት ኣብዘይፋለጥሉ

ኣኼባ፣ ዝመሓላለፉ ሓበሬታት ጥንቃቐ ምውሳድ ይግባእ። በዚ ግዜ፣ ብመተሓባባሪ ፕሮግራም ግዲ ኣድላዪ እዩ ተብሂሉ ዝተኣመነሉ እንተዘይኮይኑ፣ ናይ ሰባት ግላዊ ምስጢር ወይ ሓበሬታ ንሙሉእ ተሳታፊ ካብ ምክፋል ክንእቀብ ኣለና።

- ተሳታፋይ ኩሉ ብዝፈልጦ ወይ ብዝመልኮ እሞ ንዘበዝሑ ካልኦት ተሳተፍቲውን ርዱእ ብዝኾነ ቋንቋ ጸሎት ምቕራብ ፍቑድ ክኾን ኣለዎ። ብልሳን ዝጽልይ ሰብ ግና፣ ተሳታፊ ኩሉ፣ ናይ ጸሎቱ ትርጉም ከምዝጽበ ክፈልጥ ይገበር። መራሒ ፕሮግራም፣ ምስ ቃል ኣምላኽ ሓቢሩ ዘይኸይድ ወይ ዝኸፋፍል መንፈስ ዘሎዎ ኣቀራርባ ጸሎት እንተሎ ቀልጢፉ ንምእላይ ሓልፍነቱ እዩ።

- ንእግዚኣብሄር ክብርን ምስጋና ንምቕራብ ምኽንያትን መረጋገጽን ንክኾነልና፣ መራሕቲ ፕሮግራም፣ ሕድሕድ ዝቐረበ ጸሎት ክምዝግቡ ወይ ቀዲሖም ክቕምጡ ይምከር።

- ካሊእ ሓላፍነት መተሓባበሪ ፕሮግራም ድማ፣ ኣብ ወቅታዊ ጉዳያትን ኣብ መሰረታዊ ኣስተምህሮታትን ዝተደረኹ፣ ቃል ፍልጠትን ጥበብን ምኽርን ዘካፍሉ፣ ብሱላት ቅዱሳን ብምስትውዓል እናመረጽካ ንተሳተፍቲ ንከካፍሉ ምዕዳም እዩ።

Email: tegaruchristians@gmail.com
Facebook: https://www.facebook.com/Global-Alliance-of-Tegaru-Evangelical-Christians-GATEC-105392194921047
Twitter: @tegaru_gatec